# ፍሉይ መልእኽቲ

እዚ ፍሉይ መልእኽቲ፡ ዘርእስቱ ዑደት ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ን ብራስለስ ብዝምልከት'ዩ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብዕለት 9, 10.11 ግንቦት ብተኸታታሊ ነዚ ኣርእስቲ ብዝምልከት ሰለስተ ጽሑፋት ኣቐሪበ ከም ዝነበርኩ እቶም ነቲ ጉዳይ ተገዲስኩም ዝነበብክምዎ ትምስክርዎ እኹም።

እቶም ንሰላምን ዲሞክራሲያውን ፍትሕን ህዝቢ ኤርትራ ብሃረርታ ኣብ ትጽቢት ዝርከቡ፡ ብዘለዎም ዓቕሚ፡ ብዘለዎም ክእለትን ግዜን፡ ብዘለዎም ግዜን ሓይልን፡ ብዘለዎም ትሕዝቶ ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንምውዳቕ ኣብ ርሱን ቃልሲ እንዳሃለዉ፡ ንሞራሎምን ንያት ቃልሶም ንምህሳይ፡ ንምድኻም ብዛዕባ'ዚ ጉዕዞ ብራስለ ብዙሕ ተዘሪቡን፡ ገና ድማ ይዝረብ ኣሎ።

ካብ " **መቕርብ መን ይቕርብ ከም ዝበሃል**" ምስላ ኣበው፡ **ሎሚ** ካብ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንህ.ግ.ዲ.ፍ ዝቐርብ ተጣባቒ የልቦን። እንተኾነ ሓዳስ ኤርትራ ብዛዕባ'ዚ ጉዕዞ ኮይኑ ተሪፉ ብዛይካ'ቲ ብዕለት 5 ግንቦት ንህዝቢ ዘውረየቶ ምብጻሕን ርክብን ካልእ የልቦን። ይመስልከም ዶ ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ከምቲ ዝዝረብ ዘሎ ያኢ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ተደጊፉን ተሓጊዙ ...ስ ሓዳስ ኤርትራ መልሓሳን ቀለማን ትእክብ !! ዘበት። ፕረሲደንት ኣብ ካልኦት ሃገራት ይብጻሕ ኣይብጻሕ እቲ ወረ " **ኣንጭዋ ኣብ ማይ ከም ዝኣተወት**" ምኾነ ነበረ።

ግን እዚ ኣብ ታሕቲ ትርእይዎ ዘለኹም ቅዳሕ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ 5 ግንቦት 2007፡ ፕረሲደንት ኣብ ን ብራስለስ ከም ዝበጽሐ ወረ'ምበር ፡ ድሕሪኡስ ናበይ ከም ዝበለን፡ ወይ ካብኡ ከም ዝተመልሰን ኣይሕብርን።

## ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኮሚሽነር ልምዓትን ምትሕብባርን ኤውሮጳዊ ሕብረትን፡ ኣብ ክልተኣዊ ምትሕብባር ዘተኰረ ዘተ ኣካይዶም



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ ኣብ ከተማ ብራሰልስ ምስ ኮሚሽነር ልምዓትን ምትሕብባርን ኤውሮጳዊ ሕብረት ሚስተር ሉዊ ሚሸል ብምርኻብ፡ ኣብ ክልተኣዊ ቁጠባዊ ምትሕብባር ዘተኰረ ዘተ ኣካይዶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኮሚሽነር ሚሸልን፡ ኣብቲ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብዚ ቀረባ ሰሙናት ዝተበገሰ መደብ ጸጥታውን ልምዓታውን ምትሕብባር ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን ብዕምቈትን ዝርዝርን ተመያይጦም።

ንጉዳይ ሶማል ብዝምልከት ድማ፡ እቲ ኣገዳስን ቀንድን ጉዳይ - ዳግመ-ምቛም ሃገረ ሶማል ከምዝኾነ ብምግንዛብ፡ ነቲ ነዊሕ መስርሕ ምቕጻል ባይታ ንምፍጣር ንዝቕየድ ፖለቲካዊ ስርሖ፡ ኣድላዪ ጻዕርታት ንምክያድን ንምውሃድን ተረዳዲኦም።

ንመስርሕ ሰላም ሱዳንውን ዝተሓላለኸ ሽግሩ፡ ተረዲኦም፡ ዞባውን ኣህጉራውን ተበግሶታት ብዘናጽን ህዱእን መንፈስ ተመሳሲሎ ክስራሓሉ ከምዝግባእ ዘትዮም። ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ብደረጃ ዞባ - ኣብ ውሕስነት መግቢ፡ ትሕተ ቅርጻን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ኣብርክቶ ክገብር፡ በዚ መንጽር ከኣ ክልተኣዊ ምትሕብባር ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኤርትራን ኣብ ሓድሽ ምዕራፍን ኣብዚ ዝተጠቕሰ ጽላታትን ክትግበርን እውን ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብዝገበሮ ዕድመ መሰረት፡ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ብቕድሚ ትማሊ ምሸት'ዩ ከተማ ብራሰልስ - ቤልጁም ኣትዮም።

***ድሕሪ ጉዕዙ ን ብራስለ ፕረሲደንት ኢሰያስ ንዱባይ ደኣ ተዓዝረ፡ ኣብኡ ድማ ነቲ መደበሲ ጉዕዞ ብራስለስ ዝኸውን ተረኺቡ፡ እንህልኩም ደኣሲ… ሓዳስ ኤርትራ፡ ነቲ ኩሉ ጃህራን ታህዲድን ብራስለ፡ ብጉዳይ ዱበይ ተተኪኡ ሓደ ታእዛዝ ኣብርሃ ዝተባህለ ጋዜጠኛ ቀሪባ ነዊሕ ቃል መሕተት ኣቕሪባ።***



ሓዳስ ኤርትራ 12 ግንቦት 2007

***እዚ ጉዳይ ናይ መትተ ኣብ መንጎ ደገፍቲ እቲ ስርዓትን፡ ህ.ግ.ዲ.ፍ ንባዕሉን፡ ተቃወምቲ ሓይሊ ንስለ ዝኾነ፡ ኣገዳሲ መድረኻዊ ፖለቲካዊ ዲፕሎማሲያዊ ጉዳይ'ዩ። ህ.ግ.ዲፋውያን ዘግድሶም ጉዳይ ብራስለስ፡ ሓዳስ ኤርትራ ንምፍንጋር ዘገድሳ ዘግድሳ ከኣ ጉዳይ ዱበይ እዩ !! ።***

***ህ.ግ.ዲ/ፍ ንዝፈሸለሉ ጉዳይ ብካልእ ንምትካእ፡ ማለት ንምድንጋር ተበግሶ ናይ ምውሳድ ተኽእሎ ንስለ ዘለዎም፡ ጉዳይ ኣኼባ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ህ.ግ.ዲ.ፍን ኣብ ዘዕግብ ደረጃ ስለ ዘይበጽሐ። ጉዳይ ርክብ ዱባይ ኣዝዩ ኣብ ዓሙቕ ዝርርብ ምእታው ነቲ ህ.ግ.ዲ.ፋውይን ዝለኣኽዎ ወረ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክሸፍን ከም ዘይክእል ድሮ ተፈሊጡ እንሆ።***

ወይስ ሓዳስ ኤርትራ ነቲ ዝቀረብ ዜናታት፡ ናይ ጽባሕ ሎሚ፡ ጸኒሓ ድማ ናይ ትማሊ ሎሚ ንምቕራብ ህዝቢ ንምድንጋር ዝገበር ዘሎ ሜላ'ዩ። ብርእይቶይ ኣይመስለንን። ነቲ ከምኡ ሜላታት'ውን ዝገጥምዎ ኣይመስሉን። እቲ ጉዳይ መንግስቲ ኤርትራ ብዛዓብ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዘካይዶ ዘሎ ዘይፍታሓዊ ጉዳያት መብርሂ ንኽህብ ዝግሽሉ ክነሱ ብካልእ ተማላኢ ወረ ንህዝቢ ንምድንጋር ናይ ክልተኣዊ ዝተን ምጣነ ሃብታዊ፡ ጉዳይ ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዝርራብ ብዝብል ዕጹው ኣርእስቲ ዝተዛዘመ'ዩ።

ነበብቲ፡ ባዕልኹም ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ካብ ትነብዎ ካብ'ዚ ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ተገሊጹ ዘሎ ንላዕሊ ፍሉይ መግለጺ ተቕርብሉ እንተሃለዉ ጌጋ ኣሎኻ ክትብሉን ብዙሕ ምስ ተሓጎስኩ'ሞ፡ ካብ'ቲ ዘይከውን ነቐፌታ ንሓዳስ ኤርትራ ክእደብ። ግን ከምኡ ኣይመስለንን።

ከምስ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ምስ ሓዳስ ኤርትራ ዘሎኒ ተመክሮ፡ ንረብሓ ህ.ግ.ዲፍ, ዝውዕል ዜና ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ካልእ ካብኡ ዝዓቢ ዜና ሃገር ይሃሉ ኣይሃሉ ብዝየገስድ። ክሳብ እቲ ዜን ዝጽንቐቕ ስእሊታት እንዳለጠፍካ ንህዝቢ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጸሚምዎ ዘሎ ምጽማም ጥራሕ'ዩ።

ጉዳይ ርክብ ኢውሮጳዊ ሕብረትን ግን ነዚ ባህርያት ሓዳስ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ብዘይምንባሩ፡ ሓደ ፍሽለት ህ.ግ.ዲ.ፍ ከም ዝነበረ ዝሕብር ምኻኑን ከም መረዳታ ዝቐረበ፡ እሞ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ዕለት 12 ግንቦት ዝዝረበሉ ዘሎ ምብጻሕ ድብይ ጥራሕ'ዩ። ኣብዝ'ኢ ነጢቢ ብዝምልከት ጉዳይ ዝርርብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝተወደኣአ ኣይመስለኩምን ? ንዓይ ተወዲኡ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ሰንድ ኣብ ንሓርነት ዳት.ኮም ከተንብቡ ትኽእሉ።

http://www.nharnet.com/May_2007/Antonio_May0907.htm
http://www.nharnet.com/May_2007/Antonio_Tesfai_May1007.htm
http://www.nharnet.com/May_2007/Antonio_May1107.pdf

ሓዳስ ኤርትራ ሎሚ ብስእልታትን ብጋዜጣዊ መግለጺ ካብ ተሳስዮ ዘላ ጉዳያት እንተሃለወ ከኣ ንህዝቢ ምድንጋር፡ ጉዳይ ዲፕሎማሲዊ ርክብ ዱበይ ጥራሕ ምኻኑ ነዚ ስእሊ ተመልከት....፡

ኣብ ናይ ዕለት ሓሙሽተ ዜና ሓዳስ ኤርትራ፡ ንጉዕዞ ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣመልኪታ ኣብ ዘስፈረቶ ጉዳይ'ውን እንተሃለወ፡ ኣብ ምትሕብባር ጉዳይ ሶማል፡ ኣብ ምትሕብባር ጉዳይ ሱዳን (ዳርፉር) ኣብ ሓገዛት ረዲኤትን ብሓፈሻዊ'ምበር ካልእ ዝርዝራት የብሉን። ጥብቆ ተመልክት።



ሓዳስ ኤርትራ 12 ግንቦት 2007

## መደምደምታ

ህ.ግ.ዲ.ፍ ንተቃወምቲ ሓይልታት ብሓፈሻ፣ ንደላይ ሰላም ራህዋን ድማ ብፍላይ ተስፋ ንምቍራጽን፣ ናይ ሓይሊ ዝምድናታቶም ዲፕሎማሲያዊ ጎድኖም ንምርኣይ ኣብ ዘካይድዎ ቃልሲ ካብ'ዚ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ዘይሓልፍ ግን ከኣ ኣገድሳ ተርኽቦ ገቢርካ ዝውሰድ መግልጺ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንጭብጢ እኹል እዩ።

## መተሓሳሰቢ

ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ዝመስሎን፣ ብርትዓውን ክልተኣውን ልዝብ፣ ይኹን ውዕል፣ ምስ ዝኾነት ትኹን መንግስቲ ወይ ሃገር ክልተኣዊ ርክብ ከካይድን፣ ኣብ ዝኸነ ይኹን ጉዳያ ውዕለ ክፍጽም፣ መሰል እቲ ህዝብን፣ እታ ሃገርን፣ እቲ መንግስቲ ኤርትራን እዩ። እዚ ክንብል እንከሎና ግን ኣብ ኤርትራ ሓደ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ኣብ ዝሃለወሉ እዋን ጥራሕ'ምበር ካልእ ምስ ምልካዊ ስርዓታት ከም ኣብነት ናይ ብህላውነት ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ኣብ ዝርከበሉ ከም ዘይኮነ ምንጻር የድሊ።

ክንዕወት'ና

14 ግንቦት 2007
ኣንቶንዮ ተስፋይ